# መሪሕነት ኢህኣደግ እቲ ካልኦት መራሕቲ ዝፈጸሙዎ ጌጋታት ከይደግም ነዘኻኽሮ

ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ኣብ መንጎ ስርዓታት ኤርትራን ኢትዮጵያን እናሳዕረረ ክኸይድ ዝጸንሐ ጽልኢ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ እናደየበ ይኸይድ ምህላዉ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቲ ንብዙሓት ለባማት ደቂ ክልቲኡ ሃገራት ዘሰክፎምን ዘትሓሳስቦምን ዘሎ ጉዳይ ከኣ ሎሚ እውን እንደገና ኣብ ውግእ ከይእቶ እሞ ናይ ካልኦት ንጹሃትን ድኻታትን ደም ብኸንቱ ንኸይፈስስ ኢዩ። ኣብ ሓደ ሃገር መንግስቲ ንዝወሰኖን ዝሓንጸጾን ናይ ውሽጢ ይኹን ወጻኢ ጉዳይ ውሳኔታት ህዝቢ እታ ሃገር ይሰማምዓሉን ይቕበሎን ማለት ኣይኮነን። እዚ ከኣ ኣብ ሃገርና ጥራሕ ዘይኮነ ዋላ ኣብቶም ምዕቡላት ዝበሃሉ ሃገራት እውን ዝፍጸም ዘሎ ኩነታት እዩ።

ንኣብነት ኣብ ኤውሮጳ ይኹን ኣሜሪካ ንኲናት ዒራቕ ዝተቓወሙን ዝኾነኑን ደቂ እተን ሃገራት ሒደት ኣይኮኑን። መንግስታቶም ንኹናት ስለዝወሰነን ንዒራቕ ስለ ዝወረረን ግን እቶም ካብ ምኹናንን ምቅዋምን ሓሊፎም ኣብ ምውሳን ሓንቲ ዓቕሚ ዘይብሎም ህዝብታተን ክጽልኡን ክኹነኑን ፍትሒ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ እውን እንተኾነ ኣብቲ ዘይኣመነሉን ዘይደለዮን ኲናት ክልቲኡ ሃገራት ብዙሕዩ ከሲሩ። ደቂን መሬቱን ንብረቱን ኒሑንዩ ኣጥፊኡ።
ብወገን ኢትዮጵያ እቲ ስርዓት ሻዕብያ ጥራሕ ዘይኮነ እቲ ህዝቢ እውን ንዓኡዩ ደጊፉ። ወሪሩናዩ፡ ንዒቑናዩ ዝብል ወቐሳታት ይስማዕዩ። እዚ ግን ብወገነይ ሃየንታ ኣዘራርባ ኢዩ በሃላይ ጥራሕ ኢየ። ምኽንያቱ ከኣ ኣይኮነንዶ ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝኣመሰለ ድኻን ዘይተማህረን ህዝቢ እቶም ሃብታማትን ምዕቡላት ምሁራትን ዝበሃሉ ህዝቢ እውን ብፕሮፖጋንዳን ሓሶትን መንግስታቶም ዘይጋገዩን ዘይታለሉን ኣይኮኑን።

ንኣብነት ኣሜሪካን እንግሊዝን ንዒራቕ ክወሩ ከለዉ ነቲ ህዝቦም ዝነገሩዎን ንኹሉ እኳ እንተዘይኮነ ንመብዛሕትኡ ዘእመኑዎን ሳዳም ሑሴን ሓደ ኣባና ክበጽሕን ንሃገርና ክጐድእን ንህዝብና ከጽንትን ዝኽእል ሓደገኛ መሳርያ ኣለዎ ዝብል ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ግን እዚ ንወራር ክጥዕሞም ዝመሃዙዎ’ምበር ሓቂ ከም ዘይነበረ ተረጋጊጹ ኢዩ። ህዝብና እንተኾነውን በቲ ኢሳያስ ወያኔ ከምዚ ሓሲቡልኩም ኣሎ። ክመጸኩምዩ፡ ክወረኩምዩ፡ እናበለ ዝነዝሖ ሓሶታት ተታሊሉን ተገዲዱን ኣብ ውግእ እንተኣተወ ከኣ ገበንን ኲነኔን ይግብኦዩ ኣይብልን። እምበኣርከስ ሎሚ ከቕርቦ መሪጸዮ ዘሎኹ ብዛዕባ እቲ ኣብ መንጎ ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን መራሕቲ ዝኾኑ መንግስታት ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ መንጎ እቲ ክልቲኡ ኣህዛብ እውን ከይተረፈ ዝርኤን ዝስማዕን ዘሎ ጽልኢ ኢዩ።

ጽልኢ እቲ ኣብ ሓንጎል መራሕቲ ኮነ ተራ ዜጋታት ክሰፍር ዝኽእል ዓቢ ሕማም እዩ። ቀልጢፉ ፈውሲ እንተዘይተረኺቡዎ ከኣ እቲ ኵሉ ዝስዕብ ሓደጋታት ጠንቂ ናይዚ ሕማም እዚ እዩ።
ጽልኢ እዘን ሃገራትናኸ ብኸመይ ኣብዚ ኵነታትዚ በጽሐ? ገለ ገለ ዘይለባማት ሰባት ድሕሪ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝሓለፈ ኵናትን ህልቀትን ሎሚ

ብዛዕባ ፍቕርን ጽልእን ኢትዮጵያን ኤርትራን ምዝራብ ብፍላይ ከኣ ኤርትራዊ ኰንካ ብዛዕባ ኢትዮጵያን ወያኔን ክትዛረብ ኣብ ፍርሕን ምምስሳልን ምምብርካኽን ዝቔጸሩዎ ከም ዘለዉ ዝስሓት ኣይኰነን። እቲ ስርዓት ኢሳያስ እሞ ከኣ ኣንጻር ረብሓኡን ስልጣኑን ስለዝኾነ ብዘይካ ክድዓትን ጥልመትን እምበር ካልእ ከም ዘይጽውዖ ርግጽ ኢዩ። ርእይቶኻን ዝመስለካን ሓቂ ብቕንዕና ምግላጽ ግን ታሪኽ ሸለል ዘይብሎ ተሰኪዱ ንወለዶ ዝተሓላለፍ ውርሻ ስለዝኾነ ድሕር ዘይብሃሎ ዓቢ ቍምነገር ኢዩ።

እስከ ነዘን ዝኽተላ ሕቶታት ንትዓዘብ።

ዅነታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን ከመይ ነበረ?
ኣብ መንጎ ወያኔን ሻዕብያን ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ምትእምማን ነሩዶ?
እቲ ጽልኢ ምዓስ ጀሚሩ ስለምንታይከ?
እቲ ሎሚ ዘሎ ጽልኢ ኣብ መንግስታት ጥራሕዶ ትሓጺሩ ኣብ ህዝቢውን ልሒሙ?
ኢትዮጵያውነት ኤርትራውያን ፈጺሙ ዝተኻሕደሉኽ ምዓስዩ?
ህዝቢ ኤርትራኽ ዝያዳ ፍቕሩን እምነቱን ምስ ትግራዎት ድዩ ዘሎ ምስ ኣምሓራ?
ተጋሩኽ ንኤርትራን ህዝባን ብኸመይ ይርእዩዋን ይመዝኑዋን?

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ ሕቶታት ብዝምልከት ሕልፍ ሕልፍ ኢለ ብሓፈሻ ክትንትን ክፈታትን ኢየ።

እዚ ሎሚ ክልተ ሃገራት ኰይኑ ዘሎ ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን እቲ ህዝቢ ብሓደ ትሓቓቚፉ ይነብርን ይከላኸልን ካብዚ ተመለስ በዚ ኣይትሕለፍ ከይተባህለ ዶብን መከላኸልን ዘይብሉ ሓደ ሃገርን ህዝብን ኰይኑ ይነብር ምንባሩ ዝከሓድ ኣይኰነን። እዚ ማለት ከኣ ኤርትራ ዋላኳ ሓሓሊፉ ናይ ባዕላ መሳፍንትን ኣመሓደርትን እንተነበሩዋ እቶም መሳፍንቲ ኤርትራውያን ንሸመቶምን ንግዝኣታቶምን ናብቶም ካብኦም ዝዓበዩ ገዛእቲ ነጋውስ ወይ ራእስታት ኢትዮጵያ ብምኻድ የመርቑዎን የርግኡዎን ምንባሮም ዝከሓድ ኣይኰነን። ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ ከኣ ነጋውስ ኢትዮጵያ ራእስታቶምን ኣመሓደርቶምን ኣብ ኤርትራ ኣብ ድባርዋ ኮነ ዓዲ ተኽላይ ኣቐሚጦም ነቲ ህዝቢ የመሓድሩዎ ነሮም እዮም።

ብናይ ሎሚ ኣዘራርባ ግን **<u>ይገዝኡዎ ነሮም</u>** እዩ ዝበሃል። ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ ከኣ ኣብ እዋን ሻዕብያ ዘይተነግረን ዘይተማህረን ግልቡጥ ታሪኽ የልቦን። ኢትዮጵያውያን ንኤርትራ እናወረሩ ይዘምቱዋን ይዕምጹዋን ከም ዝነበሩ እምበር ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዝኾነ ይኹን ናይ ምምሕዳርን ታሪኽን ባህልን ርክብ ነሩዋ ኣይፈልጥን ዝብል ትምህርቲ ሻዕብያ ብድፍረት ክወሃብውን ብኣንክሮት ሰሚዕና ኢና። እቲ ሓቀኛ ታሪኽ ግን ነዊሕ ዓመታት ዘይከደን ዘይተረስዔን ብምኳኑ ዝምቡዕ ትምህርትን ስብከትን ስርዓት ህግደፍ ክቕይሮ ዝኽእል ኣይኰነን።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከምዚ ናትና ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ሃገራት ዝተፈናጨለ ሕብረተሰብ ኣሎ። ንኣብነት ሶማል፡ ብዘይካ ኣብ ሶማል ኣብ ኢትዮጵያን ጅቡቲን ይርከቡ። ዶብ ስለዝፈላለዮም ግን እታ ሶማልነቶም ክኽሕዱ

ኣይተሰምዑን። ኣነ ኤርትራዊ ኰይነ ካብ ትግራዋይሲ እቲ ብቛንቋ ኮነ ብሃይማኖት ብባህሊ ኮነ ብስጋ ዘይቀርበኒ ብዜግነቱ ኤርትራዊ ዝኾነ ሃደንዱዋ ወይ ራሻይዳ ይቐርበኒ ኢለ ኣሚነ ኣይፈልጥን። ከም ሓቂ ብዜግነትኣ እንተተፈልየኒ እቲ ንዓይ ዝቐርበኒ ብቐዳምነት ትግራዋይ ብድሕሪኡ ከኣ ኣምሓራይ ምዃኑየ ዝኣምን። ነቲ ኢትዮጵያዊ ዜግነቱ ዝኾነ ትግራዋይ ከኣ ካብ ወዲ ኢሉባቦር ወይ ወዲ ወለጋ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ብስጋ ብቛንቛ ኮነ ብባህሊ ኣነ ከም ዝቐረቦ ጥርጥር የብለይን። ስለዚ እቲ ናይ ዜግነታት ርክብን ፍቕርን ካብቲ ባህርያዊ ዝምድናታትን ሕውነትን ዝዓቢ ኣይኰነን። ከዕብዩዎን ከጋንኑዎን ዝርከቡ ግን ምእንቲ ስልጣኖምን ጠቕሞምን ክብሉ መራሕቲ ወይ ፖለቲከኛታት ጥራሕ ኢዮም።

ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ኮነ እንግሊዝ ካብዚ ሎሚ ኤርትራዊ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ሕብረተሰብ ኣነ ኢትዮጵያዊ እየ ኢሉ ክፍክርን ብኢትዮጵያውነት ክሓልምን ክቖንዞን ዝነበረ ህዝቢ ሒደት ከም ዘይነበረ ታሪኽ ዘይኮነስ ብዙሓት ሎሚ ብሂወቶም ዘለዉ ሽማግሌታት ዘዘንትዉዎ ኢዩ። ኣብ እዋን ምምሕዳር ጣልያን ኮነ እንግሊዝ ንስርዓት ገዛኢ ጠንጢኖም ንኢትዮጵያ ብምሻድ ምስ ኣሕዋቶም ኢትዮጵያውያን ዝተሰለፉን ዝተጻምበሩን ኤርትራውያን ወትሃደራት ምንባሮም እውን ክርሳዕ ኣይግባእን። እዚ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ዝነበረ ናይ ባዕዲ ግዝኣትን ጭቆናን ተላቒቑ ምስቲ ብስጋ ይኹን ብባህሊ ብሃይማኖት ይኹን ብንግዲ ዘይርሕቆ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሰላምን ብፍቕርን ብናጽነትን ክነብር ሃረር ይብል ስለዝነበረ ኢዩ። ኣብዚ እዋንዚ ‘’ሃይለስላሰ ካብ ሽዋ ክልዓለ እንግሊዝ ድሓን ውዓለ” ተባሂሉ ይድረፍ ከም ዝነበረ እውን ይዝንቶ ኢዩ።

ድሕሪ ምልቃኽ ምምሕዳር ወትሃደራዊ መንግስቲ እንግሊዝ ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ሓምሳታት ንኤርትራ ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ ዝበጽሑሉ እዋን እንተኾነውን ዳርጋ ህዝቢ ኤርትራ ብሙሉኡ ኣስላማዩ ክስታናዩ ብድሌቱ እናሳዕስዔ ክቕበሎምን ኣብ መኪናኦም ቀሪቡ ክርእዮምን ብታሕጓስ ተጨዲዱ ከጣቕዓሎምን ከም ዝተራእየ ዝከሓድ ኣይኰነን። እቲ ጽልኢ ብግልጺ ዝጀመረ ግን እቲ ስርዓት ሃይለስላሰ ኣብ ውሽጢ እቲ ምምሕዳር ፌደረሽን ኤርትራ ብግልጺ ክዕምጽን ንህዝቢ ፈላልዩ ከናቑትን ክንዕቕን ምስ ጀመረ ምዃኑ ዝሰሓት ኣይኰነን። ኣብቲ እዋንቲ እቲ ጽልኢ እናዓበየ ብፍላይ ከኣ እቶም ንኢትዮጵያ ሰላም ክትረክብ ዘይደልዩዋ ዝነበሩ ናይ ርሑቕን ቀረባን ጸላእቲ ነቲ ኣብ ኤርትራ በብቕሩብ ዝምዕብል ዝነበረ ጽልኢ ከባልሑዎን ከባርዑዎን ብምኽኣሎም ኢዩ።

ስርዓት ሃይለስላሰ ነቲ ጒዳይ ብውሕልነት ርእዩ ክፈትሖ ኣብ ክንዲ ዝውስን ከኣ ብትዕቢት ተጨዲዱ “ኤርትራ መሬታምበር ህዝባ ኣየድልየናንዩ” ብዝብል ትምክሕቲ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓይሊ ንምድምሳስ ተላዒሉ ኢዩ። እዚ ዘይበሃል ሂወትን ንብረትን ከኣ ደምሲሱ ኢዩ። መውደቒኡን ምጥፍኢኡን ከኣ ኰነ። ድሕሪ መንግስቲ ሃይለስላሰ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣብ መንጎ ወያኔን ሻዕብያን ዝነበረ ምትሕብባርን ምትእምማንን እውን እንተኾነ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ንወያኔ ንስርዓት መንግስቱ ንምድምሳስ ክሕግዙዎን ክትሓባበሩዎን እምበር ልክዕ ብጭቆናን ግህሰትን ህዝቢ ትግራይ ኣሚኑ ንመሰልን ፍትሕን ርእሰውሳኔን ህዝቢ ትግራይ ተቐቢሉ ከም ዘይነበረ ብዙሕ ጭብጥታት ኣለዉ። በታ ዝነበረቶ ንእሽቶ ሓይሊ ከኣ ንወያኔ ብዙሕ የጋፍያምን ንትእዛዛቱ ዘይተቐበሉ ከቢድ መቕጻዕቲ ከይተረፈ ይቐጽዖም ምንባሩ ንገለናስ ኣጸቢቑ ዝፍለጥ ኢዩ።

ብወገን ወያኔ እንተኾይኑ ግን ብዘይካ ሓደ ሓደ ጉኑፋትን ነቲ ካልኦት መሳፍንቲ ኣምሓራ ዝነበሮም ናይ ባሕሪ ሕልሚ ከኰማስዑ እንተዘይኰይኑ እቶም ዝበዝሑ መሪሕነት ወያኔ ብመሰል ርእሰ ውሳኔን ድሌትን ህዝቢ ኤርትራ ኣሚኖም ንህዝቢ ትግራይ እውን ነዚ ቅኑዕን ፍትሓውን ዝኾነ ውሳኔኦም ክቕበልን ከፈጽምን ብልቢ ምሂሮምን ኣረዲኦምን ኢዮም። ኣብ እዋን ነጻነትውን እንተኾነ ወያኔ ነዚ ሓቂዚ ንኽኽሕዱን መልሓሶም ክልውጡን ብዝተፈላለዩ ወገናት ንዝቐረበሎም ፈተነታት ኣይተማእዘዙን። እዚ ከኣ ኣብ ታሪኽን መዛግብትን መጻኢ ወለዶታት ክልቲኡ ኣህዛብ ብኽብሪ ከዘክሮም ዝነብር ኢዩ። ሎሚውን ብፍቕርን ብምርድዳእን ዝግበር ስምምዓትን ውዕላትን ንኸሉ ጠቓሚ ስለዝኾነ ካብ ኢሳያስ ጀሚርካ ዝጻረሩዎ ውሑዳት ኢዮም።

ህዝቢ ኤርትራ ክጸግብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክጠሚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክልተ ባሕሪ ሒዙ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ስኢኑ ክሳቐ ዝደሊ ኤርትራዊ ስርዓት ወይ ሰብ ክህልወና ግን ባህርያዊ ኢዩ። እቲ ንኻልኦት ክፉእ ዝሓስብ ግን እቲ ጕድኣት ኣብ ርእሱዩ ዝምለስ። ሎሚ ስርዓት ኢሳያስ ክልተ ወደባት ሒዙ ዘጥረዮ ሃብትን ወርቅን የልቦን። እቲ ድኽነት ግን ናብኡ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ እቲ ድኻ ህዝቢ ኤርትራዩ በጺሑ ዘሎ። ወደባት ኤርትራ ከኣ ህዝቢ እንተዘይተጠቒሙሉ ከምዚ ሎሚ ዘለዎ መፋረዪ ደማሙን ኣናጹን ጥራሕዩ ክኸውን ዝኽእል። ይኹንምበር ብዙሕ ዕላላት ስለዝስማዕ ሎሚኸ እዚ ትማል ትማል ኣብ ሓቅን ፍትሕን ጠጠው ኢሉ ክምጕትን ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ክጣበቕን ዝነበረ መሪሕነት ወያኔ ንስርዓት ኢሳያስ ብምጽላእ ኮነ በቲ ረኺቡዎ ዘሎ ሓይልን ዓለምለኻዊ ተቐባልነትን ሰኺሩ ኣብቲ ናይ ቀደም መራሕቲ ኢትዮጵያ ዝኣተዉዎ ናይ ኣፍደገ ባሕሪ ተዋስኦ ጌጋታት ክኣቱ ዝኽእልዶ ይመስል?

ዓቢ ዝነበረ ይንእስ፡ ንእሽቶይ ዝነበረ እውን ይዓቢ፡ ድኻ ዝነበረ ይህብትም፡ ሃብታም ዝነበረ እውን ይደኪ፡ ትማሊ ሓያልን ዘይከኣልን ዝነበረ ሎሚ ንዑቕን ድኹምን ኰይኑ ንርእዮ ኣሎና።
ህዝቢ ኮነ እቶም ቅኑዕ ኣትሓሳስባን ኣርሒቑ ዝጥምት ሕልናን ዘለዎም ኤርትራውያን ከኣ ሎሚ ኣብ ስልጣን ኮነ ኣብ ምውሳን የለዉን። መሪሕነት **ኢሂኣደግ** እንተነፊዑን ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣህዛብ ብሰንኪ ኢሳያስ ተፈጢሩ ዘሎ ጽልኢ ንምጥፋእ እንተሰሪሑን ከኣ ዘይከኣል ነገር ኣይክህሉን ኢዩ። ሰላም ከኣ ብጥበብን ብኽእለትን እምበር ብኹናት ጥራሕ ኣይትርከብን ኢያ። ኣብ ስልጣንን ሓላፍነትን ከይበጻሕካ ዝጸንሓካ እምነትን ሕልናን ምስ ዓበኻን ምስ ሓየልካን ይቕየርዩ ክብሃል እሰምዕየ። መሪሕነት ወያኔ እውን ነቲ ንኤርትራ ብዝምልከት ክሳዕ ሎሚ ጸኒዑሉ ዝጸንሔ መርገጽ ከይቅይሮን እቲ ካልኦት ቅድሚኡ ዝጸንሑ ስርዓታት ዝፈጸሙዎ ጌጋታትን ንዕቀትን ከይደግሞን ከኣ ተስፋ እገብር።

**ፍትሒ መሓሪ**
**17/3/07**